# “ተግባር ዝያዳ ቃላት ብዓውታ ይዛረብ”
# ሪፖርታጅ መመረቕታ ህንጻ ገልዓሎ

“ተግባር ዝያዳ ቃላትዩ ብዓውታ ዝዛረብ’ ከምዝበሃል፡ እቲ ኣብ ንኡስ ዞባ ገልዓሎ ብወፍሪ ዋርሳይ-ይካኣሎ ዝተሃንጸ ዓቢ ህንጻ  ብቓላት ከምዚ ይመስል ኢልካ ብኣጋ ምግላጹ ይፈታተነካዩ። እቲ ኣብ ኣዊንቲን ፍስሀ ገጀን ኑቲ ህንጻ ንምምራቕ ብዕለት 10 ግንቦት ካብ ርሑቕን ቀረባን ዝመጹ ኣጋይሽ ዝነበበ ዝበረ ናይ ኣድናቖት ዄብራቕ እንተኾነውን ኪዃ ቃላትዩ ዝዛረብ።
እቲ ስነስርዓት ምምራቕ ጸሓይ ገልዓሎ ከይተረረት ከሎ ብንግሆኡ ከጀመርዩ ተመሪጹ። እታ ብሸኽ የማን ናይቲ ህንጻ ኣብ ዝርከብ ጎልጎል ዝዓለበት ሄሊኮፕተር ምምጻእ ፕረዚደንት ኢሰያስ ምስ ኣበሰረት ኑቲ ጽምብል ከምዝጀመረ  ኣብ ኣፍደገቲ ህንጻ ዝተኣኻኸቡ ኣጋይሽ ናብቲ ሄሊኮፕተር ዝዓለበትሉ ጎልጎል ኣቕመቱ። ክቡር ፕረዚደንት ካብታ ዝወረደላ ጎልጎል ተበጊሱ ብእግሩ ተጓዒዙዩ ናብታ ህንጻ በጺሑ። ንህዝብን ኣጋይሽን እናዝረ ሰላምታ ምስሃበ ድማ ንናይ ክብሪ ሰልፈኛ ተዓዘቡ።
እቲ ፀደት፡ ካብታ ኣብ ኣፈፌት ናይቲ ህንጻ ብጉሩም ኣገባብ  ዝተቐርጸት ሞዴል ህንጻዩ ጀሚሩ። ናብ ቀጽሪቲ ህንጻ ምስኣተኻ ሓንቲ ብመካበቢያን ዕንባባታትን ዝጸጸት ካርታ ኤርትራ ትረኣ። ኣብ ጥቓኣ ምስበጽሑ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ዝርከቦም ዕዱማት ደው በሉ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ንታ ብውሕሉል ኣገባብ ዝተቐርጸት ሓወልቲ ጉብዩ መረቑ ምስከፈታ፡ ንኽብሩ ርሽታት ተተኩሱ። ጣቕዕትን ዕልልታን ከኣ ውሒዙ።
በቲ ካብ ክፍሊ ናብ ክፍሊ ዘሲጋግር መተሓለፊ (ኮሪደራት) ኣቢልካ ናብታ ብሸኽ ምብራቕ ናይቲ ህንጻ ምስ ተቐልቀልካ  ኣብ ጥቓ ሓንቲ ብጸዕዳ እምነበረድ  ብመልክዕ ሽምዓ ዝተቐርጸት ሓወልቲ ትበጽሕ። እታ ሓወልቲ ናይ ሰማእታትያ። ሜጀር ጀነራል ፀመር ጠዊል ብወግዒ ምስመረቓ ድማ  ክቡር ፕረዚደንት  ዕንባባ ኣንቢሩላ።
ዕዱማት ኣጋይሽ ፀደቶም ብምቕጻል፡  ኣብ ሸኽ ደቡባዊ ምዕራብ ናይቲ ህንጻ ኣምርሑ። ካልእ ንልቢ ተዓዛቢቲ ዝመስጠ ሓወልቲ ተራእየ። እዚ ብረቂቕ ስነጥበባዊ ክእለት ዝቖመ ሓወልቲዚ፡ “መዘከርታ ኑቶም ነዚ ህንጻዚ ክውን ዝገበሩ ኣባላት ሰራዊት...! 13 ሚያዝያ 2003” ዝብል ኣብ ጸዕዳ እምነበረድ ዝተወቕረ ጽሑፍ ዘለዎ ኮይኑ፡ ሓደ ዋርሳይ ካሰሹ ኣብ ጉድኑ ኣንቢሩ እምኒ ተሰኪሙ ከሎ ዘርኢ እዩ። ነዚ ሓወልቲዚ እውን ኣዛዚ ስርሒት ዞባ ሓሙሽተ ሜጀር ጀነራል ገረዝጊሄር ዓ ደንደማርያም (ውጩጩ) መሪቑዎ።
ብድሕሪዚ ሰፊሕ ፀደትዚ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ዝርከቦም ዕዱማት ኣጋይሽ ናብቲ ብጭርሖታትን ባንዴራ ኤርትራን ዝማዕረገ ሰፊሕ ዳስ ኣተዉ። መራሒ መደብ የማነ ተስፋሚካኤል ናይ እንቋዕ ድሓን መጻእኩም መደረኡ ምስ ኣስመዐ፡ ብመሰረትቲ ዝወጸ መደብ፡ ንኣዛዚ ክፍለ ሰራዊት ኩሉኣል ገብርኣል ወልደሰሰ መደረ ኸስምዕ ዓደሞ።
 ኩሉኣል ገብርኣል፡ መደረኡ ኑቶም ኑቲ ህንጻ ክውን ኣብ ምግባር ዝሰርሑ ኣባላት ክፍለ ሰራዊቱ ብምምስጋንዩ ጀሚርዎ። ንሱ “ኑቲ ዘይጸወር ዝመስል ህሮርማ ጸሓይን ከቢድ ጸቕጢ ኣየርን ተጻዊሮም፡ ክዓውንቶም ምስቲ ጨዋም ርሃጽ እናተጣበቐን እናሓሸምን ብዘይሕሉል ተጻዋርነትን ተባላሓትነትን ሓድሕዳዊ ምውህሃድን፡ ብስነጽብቕኡ ግዱም ኽሳ ህንጻ ኣብ እዋኑ ዝፈጸሙ ሞያውያንን ተባላሓትን... ኣመስግን” ድሕሪ ምባል፡ ንመስርሕ ናይቲ ህንጻ ዘንጸብርቕ ሰፊሕ ጸብጻብ ኣቕረቡ።
ንዓቢይቲ ዓዲ ንኡስ ዞባ ገልዓሎ ወኪሎም መደረ ዘስምዑ ሓጅ ዕስማን ሓሰን ዓሊ ብወገኖም፡ ገልዓሎ  ኣብ ግዜ መግዛእቲ ኣሰር ህንጻ ከምዘይነበሮ፡ ድሕሪ ናጽነት ግን ብዙሕ ምዕባለ ከምዝተረኣየ ብምግላጽ፡ “እዚ ዘደንቕ ህንጻ ብኸምዚ ተኣኻኺብና ክንጽንበሎ ምብቃዕና ሓጎስ ይሰምዓ ኑ፡  ህዝቢ ገልዓሎ ንቕጽሊውን ኣብ ጉድኒ ሰራዊቱን መንግስቱን ኮይኑ ዘድሊ ዘበለ ክግልጋለን ብሓባር ክሰርሕን ምዃኑ ከረጋግጽ እፈቱ” ኢሎም።
ወይዘሮ ዓሻ ኣደም ብወገና፡ “ከምዚ ዓይነት ህንጻ ምስራሕ ዘደንቕ እዩ። እዚ ትማሊ ኣብ ሃገር ምክልኻል ዝነበረ ሰራዊትና፡ ሎሚ  ኣብ ህንጸት ሃገር ተዋፊሩ ከምዚ ምስራሑ  ምስጋና ይግብኦ።

ንሕና ህዝቢ ገልዓሎ ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ሎሚውን ኣብ ጉድኒ ሰራዊት ምክልኻልና ኳንና ክንሰርሕ ኢና” ብምባል ጠብሎሕታኣ ገሊጻ።

ብድሕሪዚ ኣወሃሃዲ መደብ፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ መደረ ክስምዑ ዓዲምዎ። (ንምሉእ ትሕዝቶ መደረ ኣብ ሳንዱቕ ርአ)።

ኣብ መወዳእታ ኣብ ምስራሕ ናይቲ ህንጻ ልዑል ኣበርክቶ ዝገበሩ ኣካላት ዝተዳለወሎም ሽልማት ካብ ኢድ ፕረዚደንት ምስተቐበሉ፡ ኣወሃሃዲ መደብ፡ “ሜጀር ጀነራል ኣዛዚ ሓምሻይ ዞባ ስርሒት፡ ነዚ ናይ ህንጻ ንድፊ ኽቡር ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ከተረክበልና ንዕደም” ምስበለ ድሙቕ ጣቕዒት ኣቃሊሑ። እቲ ናይ ህንጻ ምርቓብ ስነስርዓት ከኣ ተፈጺሙ።

ነቲ ህንጻ ኣብ ምስራሕ ካብ ዝተሳተፉ ገለ ኣባላት ሰራዊት ኣዛራሪብና ነይርና። ኣባል 8ይ ዞርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት መንእሰይ መሓመድ ሰዒድ መሓመድ “እዚ ስራሕዚ እኳ ምክዩም እዩ ተባሂሉ ምስ ተዋህበና፡ ተገዲስና ካብ ዝጀመር ክሳብ ዝውዳእ ሰሪሕና። እነሆ ከኣ ኣብ መወዳእታ ተሓጒስና” ይብል።

መንእሰይ መሓሪ መለስ ኣባል 9ይ ዞርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት እዩ። ንሱ ነቲ ኣብ ምጅማር ዝበረ ሃዋሁ ብምዝካር፡ “ፍጹም ዝከኣል ኣይመስለንዩ ነይሩ። ግን ሓደ ነገር ኣሎ። ንሱ ኸኣ ክሰርሕየ ኢልካ እንተተበጊስካ ኣብ መወዳእታ እትረኽቦ ሓደ ጽቡቕ ነገር ኣሎ” ይብልሞ ብምቕጻል፡ “እቲ ክትረኣ ዘጽልኣካ ብዙሩን ካምሲንን እናተቓለስካ ዝጀመርካ ስራሕ ብኸምዚ ተዛዚሙ ማዕርጉ ክትረኣ ከሎኻ ብልቢኻ ዘሐጎሰካ” ይብል። ካብቲ መስርሕ ህንጸት ንዝተቐስመ ተሞክሮ ክገልጽ ከሎ ድማ፡ “እቲ ህንጻ ንዝኣ ርእሱ ቤት ትምህርቲዩ ነይሩ ክብሎ እኽእል። ምኽንያቱ እቶም ክጅምሩ ከለው ኣምር ናይ ስራሕ ህንጻ ዘይነበሮም ኣባላት ኣብዚ እዋንዚ ክሰርሑ ዘኽእሎም ሞያ ኣጥርዮም እዮም” ክብል ይገልጽ።

ጉጅለ ባህሊ ጸዕዳ ቀላይ (ስርሒት ሓሙሽተ) ነቲ ጽንብል ንምድማቕ ዝተፈላለዩ ጣዕመ ዜማታት ከተቕርብ ከላ ዝተፈላለየ ትሕዝቶ ዘለዎም ግጥምታትውን ተነቢቦም።

ህዝቢ ንኡስ ዞባ ገልዓሎ ነቲ ጽንብል ዝውዕል፡ 23 ኣጣልን 4 ከብትን ከምዝወፈያ ኣብቲ ኢጋጥሚ ተገሊጹ።